# ምጽናት ዓሌት ‘Genocide’

## *ምጽናት ዓሌት ‘Genocide’ 2008*

# *“ህ.ግ.ደ.ፍ”ን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ኤርትራ ክልተ ተጻረርቲ ገጻት*

## *1. መእተዊ*

*ህዝቢ ኤርትራ ሕሉፍ ታሪኹ ምስ ዝግንጸል ነቲ ከቢድን መሪርን ዝኾነ ኣርዑት መግዛእቲ ንምእላይን ከም ሓራ ህዝብን ሃገርን ንምንባር መላክዒ ዘይብሉን ግዜ ዝበለዐን ሓያል ተጋድሎ ብምክያድ ናጽነቱ ከምዝተበሰረን ብመስል ርእስ ውሳነ “ረፈረንደም” ድማ ሉኡለውነቱ ከም ዘረጋገጸ ንኹሉ ኤርትራዊ ግሁድን ሓቀኛን ታሪኽ ምኻኑ ኣየጣራጥርን፡፡ ብሓፈሻ ህዝቢ ኤርትራ ናብዚ ደረጃ ’ዚ ንምብጻሕ ሓይሊ ሳውርኡ ብምድልዳል ብኣካል ብምስታፍ ብገንዘቡን ጉልበቱን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ምኻኑ ይገለጽ፡፡*

*ከም መቀጸልታ’ዚ ህሉው ኩነታቱ ምስ ዝድህሰስ በቶም ተጋዲሉ ዘጋደሉ’ም፡ ጸኒዑ ዘጽነዩምን ናብ መሪሕነት ዘብጸሑምን ተጠሊሙ ዳግም ናተይ ብዝበሉ’ም ኣካላት ብውሽጣዊ መግዛእቲ ክሳቀን ኣሚኑን ደኒኑን ንክኸይድ ተቀሲቡ፡፡ ኣበሳን መከራን ንኸስከም ከም ዕድሉ’ት ተለጊሰሉ ኣብ ኣርዓድን ፈታንን ዝኾነ ህሞት ዕለታዊ እናተሳቀየ ይነብር ምህላው ንኹሉ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ኤርትራዊ መንነት ዘለዎ ዜጋን ፈታዊ ኤርትራን ህዝባን ዝኾነ ኣካል መወከሲ ኣየድልዮን፡፡*

*እዚ ንምባል ዘገደደኒ ኣነ’ውን ኣካል እዚ ህዝቢ’ዚ ብምኻነይን ዝፈልጦ ሓቅታት ሰቲረዬ ንኸነብር ሕልናይ ስለዘይፈቀደለይን ኣረሜነኣዊ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ከቃልዕ ከምዘለኒ ስለ ዝኣመንኩሉን ምኻኑ ይሕብር፡፡ ቅድሚ ናብ ዝርዝር ዕላማ ጽሑፈይ ምእታወይ ንምክትታል ምእንቲ ክጥዕምን ትሕዝቶይ ሚዛን ንኸወሃቦን መንነተይ ሓጺር ታሪኽ ሂወተይን ድሕረ ባይታይን የላሊ፡፡*

## 2. መንነት ኣቕራቢ፡-

- **መንግስትኣብ** ይባሃል ካብ ኣቦይ **ግርማይ ኣረስዕ ገርግሽ** ኣደይ **መኣዛ ወልደትንሳኤ ካሕሳይ** ኣብ መወዳእታ 1972 ዓ.ም ኣብ ስደት ሱዳን ተወሊደ፡፡ መበቆል ዓደይ እምባደርሆ ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ዞባ ማእከል'ዩ፡፡ ብህጻንነተይ ካብ ወላደይ ተነጺሉ ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ "ሰምበል" ኣብ ትሕቲ ዓባየይ፡፡ ዓብየ ኩነታት ትምህርተይ መባእታን ማእከላይን ካብ "1 - 8" ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕድገት "ካምቦኒ ነበር ድሕሪ ቤ/ትም ባርካ" ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ "ቀ.ሃ.ሰ" 9th — 12th ተማሂረ፡፡

- ኣብ መወዳእታ 1990 ዓ.ም ናብ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ተሰሊፈ ኣብ መጋዓዝያ ተመዲበ ክሳብ 07/1993 ዓ.ም ድሕሪ ምስረሓይ ብኣዋጅ መንግስቲ ካብ ሰራዊት ተፋንየ፡፡ ሰቢላዊ ናብራ ክመርሕ ድሕሪ ምጽንሓይ ምስ ምጀማር ግጭት ኢትዮ-ኤርትራ ኣብ ወርሒ 05/1998 ዓ.ም ካብ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ናይ ህነጻ ኩባንያ ኪንግናም "ባጽዕ" ከቲተ፡፡ ድሕሪ ምኽታተይ ኣብ ኮር 161 ስለያ ክፍለ ሰራዊት 16 ተመዲበ ኣብ ናይ ወፍሪ ኣሃዱን ዝተፈላለየ ኣስተምህሮታት ብምውሳድ ድማ ኣብ ናይ ካርታን ሓበሬታን ስርሓት ተዋፊረ ክሳብ 03/2004 ዓ.ም ኣገልጊለ፡፡

- ብምቅጻል ናብ ስለያ ዞባ ስርሒት 3 ብምዝውዋር ኣብ ጨንፈር ፀረ ስለያ ከም መርማሪ ኣካል ተመዲበ ክሳብ ወርሒ 09/2007 ዓ.ም ክሰርሕ ድሕሪ ምጽንሐይ በቲ ኣብ ነብሰይን ሰርሐይን ዘጋጠመኒ ዝነበረ በደላትን ዝተዓዘብኩዎ ኣረመኔናዊ ግብሪታቶምን ከም ኩሉ ዝተበደለን ኢሰብኣዊ ኩነታቶም ዝተጋህደሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ብሓይሊ ፈጣሪ ኩሉ ኣለም ነብሰይ ከውጽእ ክኢለ፡፡ እነሆ ድማ ነቲ ዝፈልጦ ከቃልዕ ብምብቀዐይ ክብርን ምስጋናን ንኣምላኽ ይኹን ይብል፡፡

## 3. ንልዕልና ሕጊ ዝሓንገደ ሰልፊ፡-

እቲ መመሓደሪ ሕጊ "ቕዋም ሃገር" ከጽድቕ ዘይከኣለ ልዕልና ሕጊ ብምንጻግ ክብርን መሰልን ደቂ ሃገር ብምርጋጽ ብብሕትውናን ምልካውነትን "ግበር!

**ኣይትግበር!"** ዘመሓድር ዘሎ መንግስቲ ኤርትራ መለክዒ ኣብ ህዝቢ ዘውርዶ ዘሎ በደላት መጠን ዘይብሉ እኳ እንተኾነ ብውለቀይ ኣብ ትካል ስለያ እናሰራሕኹ ዘጋጠመኒ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ከም መርማሪ ኮይነ ዝሰራሕኩሉ ብመልክዕ ጽሟቅ የቕርብ።።

ኣብቲ ከም መርማሪ ተመዲበ ንኣስታት 3 ዓመታት ዝሰራሕኩሉ ትካል ጸረ ስለያ ዕላማ ኣቓውምኡን ስርሑን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ወገንን ትካላቱን ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስትን ትካላት መንግስትን ብናይ ውሽጢ ይኹን ግዳም ተጻባኢ ዝበሃል ሃገር ይኹን ውድብ ሃሱሳውን ሸርሓውን ስርሓት ከይካየደሎም ምክትታል ምቍጽጻር ምልማስ።። ብኣንጻሩ ድማ ብሰራዊት ወገን ይኹን ሰቪል ህዝቢ ንምቅዋም ዝኾነ ይኹን ምትእኽኻብ ምልዕዓል ናዕቢ "ኣድማ" ንምፍጣር ዝዓለሙ ምንቅስቓሳት ከይካየዱ ምክትታል ወዘተ . . . ዝኣመሰሉ ስርሓት ንኽሰርሕ ዕላማ ሒዙ ከምዝቖመ'ዩ ዝግለጽ (እዚ ማለት ናይ ትካል ጸረ ስለያ ዝምደብ ሰብ ብዛዕባ ጸረ ሰለያን ዕላምኡን ዝመሃሮ ማላት'ዩ)።።

ብግምጣል'ዚ ግና መንግስቲ ብመሰረት'ቲ ባዓሉ ዝፈጠሮ ውሽጣውን ግዳማውን ጸገማት ኣብ መዋጥር ስለዝኣተወ ኣብ ክንዲ መፍትሒ ዘምጽኦ ጸገም ዘናዲ ነብስ ምትእምማን ብምጥፋእን ብምርሓቕን ህሉው ኩነታቱ ብምቕባርን ነቲ ውጽዕን ጸግዑን ዝኾነ ህዝቢ ስቕትኡ "ልቦንኡ" ብምምዝማዝ ወግሐ ጸብሐ ተወሰኸቲ ሽግራት ኣብ ዝባኑ ብምድርራብን ብዓይነ ጥርጣረ ብምርኣይ ብዝተፈላለየ መልክዓት ክብሩን መሰሉን ብምግሃስ ይድሕኾን ይሓስዮን ምህላው ኣብ ባይታ ዘሎ ምስክር ዘየድልዮ ሓቂ'ዩ።።

ኣብ ሃገርና ንመሳቀይ ዝተሓረዩን ዝዓዩ ዘለው ቦታታት ብዙሓት እዮም።። **ሓደ ካብኣቶም ድማ እቲ ብሰለያ ዞባ ስርሒት 3 ጨንፈር ጸረ ስለያ ዝውነን ኣብ ዓላ 17 "ዓላ ስሳሕ ጥቃ ሃንገራት ሎጅስቲክ ምክልኻል" ዝርከብ ኣብ መወዳእታ 2003 ዓ.ም ብዙሕ ወጻኢ ተገይርሉ ብኣሃዱ ህንጻ ዞባ ስርሒትን ዝተሰርሐ ቤት ማእሰርቲ 'ዩ።።** እዚ ቤት ማሕቡስ'ዚ ካብ ምንቅስቓስን ተራኣይነት ሰባትን ነጻ ክኸውን ተባሂሉ ጽምውን ልጉስን ቦታ ተመሪጹሉ ኣብ ሞንጎ ክልተ ዓበይቲ ኣኽራናት ጎቦታት ንወቀርትን ስሳሕን ዝባሃላ ዓድታት ዝዳውብ ቦታ ዝተሰርሐ ኮይኑ 9 መዳጎኒ

ክፍልታት “ካሜራታት” ነፍስ ወከፍ 4x4 ትርብዒት ዘለዎ ሓደ ክፍሊ ካብዚ ተፈንቲቱ ንመመርመሪ ተባሂሉ ድርዒ ብዘለዎ መንደቕ “ድምጺ ከምዝየስሉኽ ኩሉንትንኡ ብስሜንቶ ዝተሃንጸ ሮጊድ ማዕጾ ዘለዎ” ሓደ ስፊሕ ክፍሊ ንመንበሪ ኣባላት ኣሃዱ ሓለዋ ሓደ ክፍሊ ንመንበሪ ሓላፊ ሓደ ክፍሊ መመርመርን መንበርን መርመርቲ ብዚንጐ ዝተጠቃቀዔ ንመነባብሮ እሱራትን ኣባላትን “ክሸነ” ዘጠቃለለ’ዩ፡፡

## 4. <u>ኣብዚ ቦታ’ዚ ግዳይ ማሰርትን ስቃይን ዝኾኑ ድማ ብዓይነት ጉዳያት ምስ ዝጥቀስ፡፡</u>

### 1) ብጉዳይ ስግረ ዶብ “ዘይሕጋዊ ጉዕዞ ስደት ዝብልዎ”

– ናብ ሃገር ኢትዮጵያ ክሰግሩ ዝተሓዙ::

– መራሕቲ መንገዲ ኢኹም ዝበሃሉ “ኣሰጋገርቲ”::

– ስግረ ዶብ ክትከዱ ሓሲብኩም ዝበሃሉ “ብዕላል ጠቀነ ጠለፉ ተንቀሳቃሲ ቴሌፎን ሞባይል ወዘተ. . . ዝተሓዙ”

– ዝኾነ መደብ ስግረ ዶብ ዘይነበሮም ብሃውሪ ዝእሰሩ፡፡

– ገንዘብ ከፊሎም ንዝሰግሩ ብመልክዕ ድለላ ተራኺቦ ኢኹም ዝባሃሉ፡፡

### 2) ብምትምይንን ምስናዕን ወረቃቅቲ ዝተሓዙን ዝጥርጣሩን፡፡

– ናይ ሰራዊትን ዝተፈላለያ ትካላትን መንቀሳቀሲ ወረቀት

– ወረቀይ መንነት/ናይ ዜግነት ታሴራ ተመሃሮ ወዘተ. . ./

### 3) ካብ ሃገራዊ ኣገልገሎት ዝተኣለዩ

– ንነዊሕ እዋን ኮብሊልኩም ዝባሃሉ ኣባላት ሰራዊት

– ትምህርቲ ዘቋረጹ ተመሃሮ /ብዝተፈላለየ ምኽንያት/

### 4) “ዘይሕጋዊ” ሃይማኖት ስዒብኩም ዝባሃሉ

5) ብልሽውና /ብፍላይ ኣብ መምህራን ዘተኮረ/

– ልዕሊ 18 ዓመት ዕድሚኦም ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ንዝመሃሩ መንነት ተመሃራይ "ታሴራ" ሂብኩም ዝባሃለ

– ታሴራ ተመሃራይ ንዘይምልከቶ ሂብኩም ዝባሃለ ፡፡ እዚ ዝጠቀስኩዎ ገለ መትሓዚ ምኽንያት ቅዮዳት ኮይኑ ብሕጽር ዝበለ ኣንፈት ኩነታት መንግስቲ የመልክት፡፡ እዚ ማለት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝፈጠሮም ሽግራት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ሰኒት ምስኣን ከም ጠንቂ ኮይኑ መንእሰያት ካብቲ እውጀ መደብ ሃገራዊ ኣገልገሎት ወጻኢ /ካብ 18 ኣዋርሕ ንላዕሊ/

1. ምንዋሕ ግዜን ግዱድ ዕስክርናን "ውትህድርና"
2. ምዝመዛ ነጻ ጉልበት /ኣብ ውልቃዊ ረብሓ ሓለፍቲ/
3. ተጽዕኖ ማሕበራዊ ናብራ
4. ዘይቕቡል ጸቕጥን ምልኪ ወተሃደራውያን ሓለፍቲ ወዘተ . . .

ስለዚጋጠሞም ነዚ ብደሆታት ንምስጋርን መነባብሮኦም ንምምሕያሽን ስድራቤቶም፣ ቤተሰቦም፣ ፈተውቶምን ሃገሮምን ራሕሪሖም እዮም ንኽሰደዱ ዝመረጹ፡፡ መንግስቲ ድማ ተዓመቱለይ ክሕባእ'የ ብዘስምዕ ጸወታ "ጉልባብ" "ብጸላኢ ኣብ ልዕሊ መንእሰያተይ ዝተፈነወለይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዅናት'ዩ" ብምባል ኣደናጋሪ ፕሮፖጋንዳዊ መግልጺታት ብምንዛሕ ምሉእ ብምሉእ መኣዝኑ ናይ ውሽጢ ሃገር ብምጥምዛዝ ተናኺሲ ባህርያቱ ብምግሃድ ሃደናቱ ብምሕያል ንዜጋታት ክስሃሎም ዝጀመረ፡፡

## 5. ኩነታት ቤት ማእሰርቲ "ዓላ 17"

### ኣተሓሕዛ እሱራት፡- ዝኾነ ይኹን መሰላት ዘየፍቅድ ኮይኑ

1. ምህጋር ውልቃዊ ንብረት / ገንዘብ ሽልማት ኣገደስቲ ሰነዳት/
2. ቅያር ኣልባሳት ምኽላእ /ክዳን ጫማ/
3. ቀረብ ምግቢ ማይ ሕክምና ብምውሓድ ከምዝሳቀዩ ምግባር

4. ኣዝዩ ጽኑዕ ናይ ሓለዋ ኣገባብ ብምጥቃም ከምዝሸቁረሩ ምግባር

5. ስድራ ቤታዊ ርክብ ምኽላእ “ምእጋድ”

6. ብኸቢድን ኣህላኽን ጉልበታዊ ዕዮ ከምዝዳኸሙ ምግባር

## ኩነታት መርመራ

1. ፖሊሳዊ ኣሰራርሓ ዘይኽተል

2. ብኸቢድ ጽቕጥን ማሕረምትን ዝተሰነየ መርመራ ዘካይድ

3. ንዘጋጥሙ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ሓደጋታት ሓላፍነት ዘይስከም

4. ብስምዒት እምበር ብልክዕነት ዘይዓይ

5. ብሓፈሻ ከም ዊንታኻ እምበር ፍሉጥ መዕየይ ሕጊ ዘይብሉን መሰልን ክብሪ ሰባት ኣዝዩ ናይ ርሑቕ ርሕቀት ፍንታተ ዘለዎ ምኻኑ ይግለጽ፡፡

## ዝወሃብ ውሳነ

በቀንዱ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሕጋዊ መቕጽዒ ሕጊ ዘየለ ኮይኑ ኣብቲ ከም ግምቶምን ቃሕተኦምን ዝሰልዕዎ መቕጻዕቲ ዘለዎም ስበኣዊ ድኽመት፡፡

1. ምስ ጉዳይ እሱር ዘይመጣጠን መቕጻዕቲ ምውሳን

2. ኣብ ዕርክነት፡ ዝምድና፡ ዓደይ ዓድኻ፡ጥቕሚ…ወዘተ ተመርኲስካ ዘይፍትሓዊ ብይን ምሃብን ንገለ ኡሱራት ርኡይ ሓለፋ ምግባርን ካብ ቀይዲ ሓራ ምውጻእን፡፡

## ወሃብቲ ውሳነ

መቕጻዕቲ ናይ ምስላዕ ሓላፍነት ዝተወሃቦም እቶም ካብ ምህሮ፡ ተመኩሮ፡ ዝኣምኑ ወተሃደራውያን ሓለፍቲ ስራዊት ኮይኖም

1. ሜጀር ጀነራል ዑመር ሓሰን ጠዊል “ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 3”

2. ሜጀር ተኽለብርሃን ሓጐስ “ወዲዓይነይ” “ስታፍ ስለያ ዞባ ስርሒት 3” እዮም

ሳሕቲ ‘ውን ብወከልቶምን ጸሓፍቶምን ኣቢሎም ውሳነ የመሓላልፉ፥

ብምቅጻል ገለ ገለ ግዳይ ሰብኣዊ ድኽመታቶምን ግፍዒታቶምን ዝኾኑ ዜጋታት ክጠቅስ፡፡

**ኣብ ወርሒ 10/2006 ዓ.ም ስግረ ዶብ ናብ ኢትዮጵያ ዝተበገሱ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና**

1. ጋዜጠኛ ኣሕመድ ባሕጀ ዓረብ ዴስክ

2. ጋዜጠኛ ዳኒኤል ክብሮም ኦሮምኛ ዴስክ

3. ስምረት ሰረቀ ዝተባሃለት ኣባል ሰራዊት ክ/ሰራዊት 28

4. ሰላማዊት ትበሃል ሰቪልን ኣብ ከባቢ ተኾንዳዕ ዓዲ ቀይሕ ድሕሪ ምትሓዞም ንመርመራ ናባና ተላኢኾም ኣብ ዝሃብዎ ቃል ንስግረ ዶብ ከም ዝሓሰቡን መበገሲ ሓሳብን ኣዳላዊ ጉዕዞን ድማ ጋዜጠኛ ኣሕመድ ባሕጀ ምንባሩ ተስማሚዖምሉ ድሕሪ ዚ ዝተዋህቦም ውሳነ

1. ጋዜጠኛ ዳኒኤል ክብሮም 5 ዓመት ክእሰር

2. ኣባል ሰራዊት ስምረት ሰረቀ 5 ዓመት ክትእሰር

3. እታ ሰቪል ሰላማዊት 1 ዓመት ድሕሪ ምእሳራ ሳዋ ክትከይድ፡፡

እቲ ብኹሎም ኣኻኺቡ ንስግረ ዶብ ዘንቀሎም **ጋዜጠኛ ኣሕመድ ባሕጀ** ግና ብሳላ ጻዕሪ ሓላፊ ሚ/ዜና ዓሊ ዓብዱን ምትሕብባር ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 3 ዑመር ጠዊልን ድሕሪ ናይ 2 ወርሒ ክንክን ዘለዎ ማእሰርቲ ብነጻ ተለቂቑ፡፡ ማእሰርቲ ኣሕመድ ዝስምዐ ህዝቢ ኣስመራ ትሒም ትሒም ይብል ስለዝነበረ ነዚ ንምዕጻው ጽባሕ ካብ ማእሰርቲ ዝወጸላ ዕለት ንዝነበረ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ 2007 ኣብ ቴሌቪዥን ቀሪቡ መደብ በዓል ምስ ጋዜጠኛ ትርሓስ ክፍላይ ከምዘወሃህድ ገይሮም፡፡ እዚ ንዝምድና እስላማዊ ጸግዒ የመልክት፡፡

ኣብ መወዳእታ 2005 ዓ.ም ናብ ኢትዮጵያ ክኸይድ ኣብ ከባቢ ኢግላ “ሞንጐ ዓዲ ቀይሕን ስንዓፈን” ዝሓዝዎ ዮናስ በርሀ ዝተባሃለ ኣብ ቲራቮሎ ምስ ኣዲኡ ዝነብር “ኣምቼ” ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም እንከሎ ብስለስተ ጥይት ሃሪሞም ኣውዲቆም ትንፋሱ ስለዘይሓለፈት ሆስፒታል ዓዲ ቀይሕ በጺሑ ልዕሊ ዓቕሞም ስለዝነበረ ብኣንቡላንስ ናብ ኣስመራ ሆስፒታል ሓሊባት እናተጋዓዘ ከሎ ሓላፊ ጨንፈር ጸረ ስለያ ዞባ ስርሒት 3 ክብሮም ስዩም ጻዕዳ ኣብ ደቀምሓረ ነታ ኣምቡላንስ ብምዕጋት ድሕነት ሂወቱ ኣብ ግምት ከየእተው ስግረ ዶብ ክትከይድን ክትሃድምን ዘተሃረምካ ስለዝኾንካ ምናልባት እንተሞትካ ፈርም ኢልዎ ዓቅሚ ስለዘይነበሮ ብደገፍ ሰብ ኣሰርተ ኣጻብዕቲ ከምዝላዓል ገይርዎ፡፡ ብድሕሪ'ዚ ብዋሕስ ወላዲቱ ን8 ኣዋርሕ ኣብ ሓሊባት ብምድቃስን ብምምልላስን ድሕሪ ምፍዋሱ ኣዲኡ ባዕላ ከምተረክቦም ገይሮም፡፡ በቲ ዘጋጠም ምሉእ ብምሉእ ናይ የማናይ ኢድ ስንክልናን ናይ ሳንቡእ ጸገምን ዕጅብ ከይበሎም ሳዋ ከይዱ ከገልገል ስለዘይክእል ናይ 7 ዓመት ማእሰርቲ ፈሪዶሞ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዞባ ስርሒት 3 “ተሃድሶ ዓላ ባዚት” ይርከብ፡፡ ክተሓዝ ከሎ ኣብ ኢዱ ዝነበረ 3227.00 ዶላር ኣሜሪካ በላዒኡ ኣይፍለጥን፡፡

ኣትሌት ዮናስ መብራህቱ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብራስለስ ጥልያን ስጻኛ ሃገራት ስካንድኒቭያን ፈረንሳይ ሱዳን ወዘተ... ንሃገር ወኪሉ ዝተወዳደረን ደሓን ዝኾነ ኮንድሽንን ግዜ ዝነበሮ ምስ ሓላፊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተኪኤ ርእሶም ብዝፈጠሮ ግጭት ብኣጠቃላሊ ካብ መገሻን ስሩዕ ወድድራትን ብስልጣን ናይዚ ሓላፊ ከምዝኸልከል ተገይሩ፡፡ እቲ ዘገርም እዚ ደሓን ዝኾነ ተስፋ ዝነበሮ ኣትሌት ምስ ተኪኤ ርእስሞ ዘጋጠም ግጭት ከምቶም ካልኦት ኣትሌታት ኣብ መገሻ ክመጽእ እንከሎ ዊስክን ሞባይልን ስለዘይተማለኣሉ እዩ ነይሩ፡፡ በዚ ዝመጸ ሰበብ ኣብ መደምደምታ ኣበርክትኡን መጻኢ ተስፍኡን ኣብ ግምት ከየእተው ስግረ ዶብ ሓሲብካ ብምባል ሓደ ዓመት ተኣሲሩ ሳዋ ንክኸይድ ፈሪዶም፡፡ እዚ ዘነጽሮ ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ ውልቃዊ ረብሓ ብምቅዳም መዝነቶም ተጠቂሞም በደላት ከምዝስዕቡን ኣብ ሃገራዊ ረብሓ ዘለዋም ኣረኣእያ ትሑት ምዃኑ የነጽር፡፡

መምህር መሓሪ ዝተባህለ ዳይረክተር መባ/ማእ/ቤት ትምህርቲ ኩደበዑር ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ዞባ ደቡብ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝመሃረን ኣቦ ስድራን ንሓደ ልዕሊ

*ዕድመ ተመሃራይ ክመሃር ፈቒድካሉ ተባሂሉ በቀጥታ ካብ ስራሕ ከምዝእለ ገይሮም፡፡ መንግስቲ ልዕሊ 18 ዕድሚኡ ኣብ መባእታ ክመሃር የብሉን ዝብል መምርሒ ንኣብያተ ትምህርቲ ከምዝዓደለ ይፍለጥ፡፡ ስለዚ መምህር መሓሪ ካብቲ ሰብ ዝሃንጸሉ ክቡር ሞይኡ ብሰንኪ ሓደ ተመሃራይ ኣንጻር ፖሊሲ መንግስቲ ኢ.ኻ ተባሂሉ ‘ዩ ተባሪሩ፡፡*

*ካብ አስመራ ዩኒቨርስቲ ብኢ.ድኬሽናል ኣድምንስትሬሽን ዝተመረቀ ንናይ ስራሕ ቦታ “ምደባ” ዝጽበ ዝነበረ ወዲ ሰገነይቲ መንእሰይ ተኸለ ተወልደ ያቆብ ዝተባሃለ ስድራ ቤቱ ንኸበጽሕ ካብ ኣስመራ ናብ ሰገነይቲ ምስ ከደ ብጸለውቲ እዝኒ መንግስቲ ንስኻ ገንዘብ እናተቀበልካ መንእስኣያት ናብ ሱዳንን ኢ.ትዮጵያን ተሰግር ኢ.ኻ ተባሂሉ ተታሒዙ መጺእና ዝኾነ ይኹን መርትዖ ኣይረኸቡሉን፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ጸለውቲ እዝኒ ልዕሊኡ ስለዝተኣመኑ ዋላ እንተዘይኣመነ ከይገበረ ስለዘይሐዝዎ ይተኣሰር ኢ.ሎም 3 ዓመት ፈሪዶም ኣብ ተሃድሶ ዓላ ባዚት ይርከብ፡፡*

*መምህር ዳኒኤል ነጸርኣብ ኣርኣያ ኣብ ንኡስ ዞባ ጐልጅ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝምህር ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጭብጢ ብሃገራዊ ድሕነት ከተማ መንደፈራ “ሞሞና ሆቴል ነበር ዘለው” መንእሰያት ንሱዳን ተሰግር ኢ.ኻ ተባሂሉ 4 ዓመት ተፈሪድዎ ኣብ ድጋና ዓዲ ኳላ ይርከብ፡፡*

*ኣባል ጸረ ሰለያ ዞባ ስርሒት 3 ዑጥባን መሓመድ ዝተባሃለ ካብ ካሜራ ናብ ካሜራ ብጉዳይ ወልፊ ንእሱራት ስለዝተላእከ ንስኻ ምስጢር እሱራት ተባጻጽሕ ኢ.ኻ ተባሂሉ ብጽልኢ. ሓላፊ ጸረ ሰለያ ክብሮም ስዩም 3 ዓመት ተፈሪዱ ንተሃድሶ ዓላ ባዚት ተላኢ.ኹ ኣብ ዓመቱ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ብዘጋጠሞ ሕማም ሞይቱ፡፡*

*ጳውሎስ ዝተባሃለ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ኣስመራ ካብ ጽልእን ቅርሕንትን ተበጊሱ ንለተሚካኤል ሃብተማርያም ዝተባሀለት ነባሪት ፓራዲዞ “ኣባይቲ ቁጠባ ከባቢ ፍሉይ ቤት ፍርዲ” ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ደቂኣንስትዮ ንባሕሬን ትሰድድ ‘ያ ኢ.ሉ ብመንገዲ ዓርኩ ስታፍ ሰለያ ዞባ ስርሒት 3 ተኸለብርሃን ሓጐስ “ወዲዓይነይ” ን4 ኣዋርሕ ከምትእሰር ገይርዎ፡፡ ኣብቲ ንሳ ዝሃበቶም ቃል ብሕጋዊ መንገዲ ኩንትራት ከምእትሰድድን ኣብ ባሕሬን ዝነበር ኤርትራዊ ተሰፋይ መሓሪ ዝባሃል መሳርሕቲ ከምዘለዋ ገሊጻ፡፡ ክትእሰር ስለዝደለይዋ ን4 ኣዋርሕ ዝኣክል ምስ ዘለዋ*

*ሕማም ሽኳር ብቀረብ ምግቢ እናተሸገረት ተዳጊና ድሕሪ ምጽነሓ ተስፋይ መሓሪ ካብ ባሕሬን መጺኡ ሕጋውነት ስርሖም ብዝምልከቶም ኣካላት ምስ ኣረጋገጸሎም ከውጽእዎ ክኢሎም፡፡*

*ምስ ባዓል ቤታ ናብ ኢትዮጵያ ክትሰግር ዝተታሓዘት ምሕረት በየነ ዝተባሃለት ደቂሸሓይ "ዓንሰባ" ዝዓዳ ናይ 3 ወርሒ ድቂ እንከለዎ ኩነታት ኣብ ግምት ከየእተው ሕማቕ ኣተሓሕዛ ብምግባር ዕለት ሕርሳ ክሳብ ዝቀራረብ "ክልተ ሰሙን ክሳብ ዝተርፉ" ኣሲሮማ ኣብ መወዳእታ ካብ ዘይብላ ጥሪት ወለዳ ተሸይጠን 10 ሽሕ ናቕፋ መቕጻዕቲ ከፊላ ኣብ ርእሲኡ ብዋሕስ ከምእትወጽእ ገይሮማ፡፡ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ምስ ዝኸሰት ናብ ወታ/ሆስፒታል ዓላ ተላኢኽን ውጽኢት መርመረአን ነብስ ጾራት ምዃነን ምስ ዘረጋግጽ ብቀጥታ ብዋሕስ ይልቀቓ ነይረን፡፡ ነዚኣ ግና ብምትህልላኽ ኣብ ርእሲኣ በደል ፈጺሞም፡፡*

*ስዓብቲ ዘይሕጋዊ ሃይማኖት "ዘይፍቀድ ሃይማኖት ጰንጠ ቆስጠ" ኢኹም ተባሂሎም ብክፍሊ ጸጥታ ዞባ ደቡብ ከተማታት መንደፈራን ደቀምሓረን ዝተለቀሙ ኣስታት 40 ዝበጽሑ /ዝበዝሓ ደቂኣንስትዮ/ ብኣስገዳድ ነቲ ሃይማኖት ከምዘሓደግዎ ክፍርሙ እንተዘይኾይኑ ክእሰሩ ምርጫ ቀሪብሎም፡፡ ኣይንፍርምን ሃይማኖት ናይ ውልቅና'ዩ ሃገር ትሓተና ድማ ኣይነጉድልን ብምባሎም ንነዊሕ እዋን ኣብቲ ብኮሎኔል ገ/መድህን "ወዲ ጊለ" ዝመሓደር ቤት ማእሰርቲ ዞባ ስርሒት 3 ዓላ ባዚት ተኣሲሮም፡፡ ሓደ ካብዚኦም ኣስታት 3 ዓመት ዝተኣሰረ ተስፋልደት ኣባይ ዝበሃል እዝክር፡፡*

*ደቕኩም ሃገራዊ ኣገልገሎት ተሓሲሞም ኣብ ጐቦታት ኣባሓንን ሰለድን ስፈሮም ወይ ደቕኩም ኣምጽኡ ወይ መተካእታ ኮይንኩም ተኣሰሩ ተባሂሎም ብጅምላ ይእሰሩ ካብ ዝነበሩ ነበርቲ ዓድታት ሔቦን ሚዔላን ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ን3 ኣዋርሕ ካብ ዝተኣሰሩ ኣቦይ ግርማይ ገብረዝጊ፡ ኣቦይ ሃንስ፡ ኣቦይ ኣፈወርቂ ገብረማርያም ዝባሃሉ ምንባሮም ይጠቕስ፡፡*

*ስግረ ዶብ ሓሲብኩም ተባሎም ኣብ በረኻታት ካብ ዝተቀተሉ ንምጥቃስ፡* ***ተኸለ በርሀ ኣበራ*** *ዝበሃል ኣባል ስራዊት /ፋይናንስ መካናይዝድ ኣሃዱ/ መበቆል ዓዱ ደቀጣዒስ ላዕላይ ኣብ ጐልጐል መገርባ "ዑበል" ዝተቀተለ፡፡*

ኣብ ከባቢ ዓድታት ዓዲመርሆን ዓዲመሓረና ክርስቶስ /ደብረማርያም ንኡስ ዞባ ማይምነ/ ዝተቀተለ ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ ነበር **መልኣኩ ፍስሃ** ዝተባሃለ መበቆል ዓዲ ዓዲ ጉልቲ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሕቶ መንነቱን ምኽንያት መምጺኢኡን ከይሓተቱ ብናይ ቀረባ ቅርበት /ኣስታት 30 ሜትሮ ዝኸውን ፍልልይ/ ኣድራጋ ጠያይቲ ብምዝናብ ቀቲሎም፡፡ እቲ ዘሕዝን ምስኡ ሓወቡኡ ዝብጻሖ ደባሳይ ተወልደ ዘእየሱስ ዝተባሃለ ነባሪ ሓውሲ ከተማ ዓረዛ ካልእ ቤተሰቡ ዝኾኖ ኣቦይ ጸጋይ መስፍን ዝባሃሉ ነባሪ ዓዲጉልቲ ምንባሮም ኣብ ቀድሚ ዓይኖም ምኽንያት ዘይብሉ ቅትለት ብምርኣዮምን ሬሳ ብምኽልካሎምን ንሶም ‘ውን ንስክላ ምትራፎምን ‘ዩ፡፡

እቲ ዝርዝራት ብዙሕ’ዩ መለክዒ በደላት መንግስቲ ኤርትራ በየናይ መንገዲ ንኽትገልጾ ናይ መወዳእታ ኣጸጋሚ’ዩ፡፡ ምኽንያቱ ዕለታዊ በደላት ከይፈጸመ ስለዘይውዕልን ስለዘይሓድርን ‘ዩ፡፡

## 6. <u>ምጽናት ዓሌት ‘Genocide’</u>፡-

***<u>እስኪ ሕጂ ድማ ድሕሪ’ቲ ናይ ዞባ ስርሒታት 3፡ 5 ናይ ቦታ ለውጢ ድሕሪ ምግባሮም ዝተፈጸመ ጅምላዊ ግፍዕታት ክዘንትወልኩም፡፡</u>***

ኣብ ወርሒ 01/2007 ብምኽንያት ናይ ቦታ ለውጢ ቤት ማእሰርቲ ዓላ 17 ከም ቀደሙ ስርሑ ንኽቅጽል እቲ ካብ ኣስመራ ዝወረደ ስታፍ ስለያ ዞባ ስርሒት 5 ኮ/ል ወዲ ወለላ ዝባሃል ምስ ተቀበሎ ንሕና ናይ መንደፈራ ኣቅኒዕና ድሕሪ’ዚ ምስ ምግምጣል ንብረትን ምድርጃው ሓድሽ ቦታ እቶም ሰብ ምድሃኽን ምክልባትን ዝለመዱ ሓለፍቲ ስለያን ኣዛዚ ዞባ ስ/3 ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊልን ናይ መወዳእታ ኣብ ዓቕሊ ጸበት እዮም ኣትዮም፡፡ ነቲ ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 2 ሜጀር ጀነራል ፍሊጶስ ወ/የውሃንስ ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ሙስጠፋ ኑርሑሴን ጀሚሮም ዘይመልእዋ /ስለዝተቀየሩ/ ምጽናት ሰባት ብደረጃ ብሔር ንኽቅጽልዎ እጅግኦም ሰብሲቦም ተላዒሎም፡፡

ብህጹጽ ድማ ብ6 በጣሓት ገይሮም ነቲ ኣ ከተማ ደቀምሓረ ዝነበረ /መንገዲ ሰገነይቲ ጥቃ እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተክርስትያን/ 6 ኮንተይነራት ቤት ማእሰርቲ

ኮይኑ ዘገልገል ዝነበረ ናብ መንደፈራ ብምምጻእ ካብ መንደፈራ 3 ኪ.ሜ ውጽእ ኢልካ /መንገዲ ዓረዛ/ ጸጸር ትበሃል ቦታ ሓደ ውልቀ ሰብ ንጋራዥ ክኾኖ ኣብ ዝሃነጾ ሰፊሕ ካንሸሎ ብኣስገዳድ ከምዝራገፍ ገይሮም እቲ ጋራዥ ተሰሪሑ እምበር ስራሕ ኣይጀመረን ነይሩ፡፡

ቀጺሎም ድሕሪ ምጥጣሕ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ምህዳን ኣባላት ብሔረ ኩናማ ኣትዮም፡፡ ቅድሚ ናብ ዝርዝር ምእታወይ ኣብ ዓመተ 2003 ብፈሊጸስን ሙስጠፋን ኣስታት 70 ዝኾኑ ኣባላት ብሔረ ኩናማ ን7 ወርሒ ዝኣክል ኣብ ባረንቱ ኣሲሮም ድሕሪ ምስቃዮም ንስኹም ኣንጻር መንግስቲ ኢኹም መንግስቲ ግና ምሕረት ገይርልኩም ኣሎ ኢሎም ኣውጺኦሞም፡፡ ኣንጻር መንግስቲ ምኻኖም ዝኾነ ጭብጢ ኣይነበሮምን ብጽልእን ስምዒትን ዝገበርዎ ምንባሩ ወሰኼ ይገልጽ፡፡

እዚ ዳግም ብመልክዕ ሓድሽ ውዳበ ዘተላዓለ ወፍሪ ግፍዕን ጭፍጨፋን ነዚ ምርኩስ ገይሩ ማይ ዘይጠዓመ ኣገራሚ ምኽንያት ሒዙ'ዩ ብኣዛዝቲ ዞባ ስርሒት 3 ተበጊሱ፡፡ ብጅምላ ንምጭፍላቕን ምድሃኽን ዘምጽእዎ ምኽንያት ነቲ ኣንጻር መንግስቲ ህ.ግ.ድ.ፍ ንብሔረ ኩናማ ወኪሉ ዝንቀሳቀስ /ዝቃለስ/ ሳውራ ምንቅስቓስ ሓርነት ብሔረ ኩናማ ደ.ም.ሓ.ኩ.ኤ ብምድንጋጽን ሃሱሳት ኮይንኩምን ትተሓባበሩ ኣለኹም ዝብል ነይሩ፡፡

ብምድንጋጽ ክባሃል ከሎ እኽለ ማይ ሂብካ ምእንጋድ ብውዱብን ዘይውዱብ መልክዕ ገንዘብ እኽሊ ኣዋጺኦካ ናይ ዘለውዎ በረኻታት ምብጻሕ ክኸውን እንክሎ፡፡ እቲ ብሃሱስነት ማለቶም ድማ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰራዊት መንግስቲ ተበጻጺሑ /ትሰልዩ/ ፈንጂታት ትቕበሉ ተብጽሑ ትቀብሩ፡፡ ናይ ውሽጢ ኤርትራ መእተውን መውጽእን መንገድታ ተጽንዑን ትመርሑን፡፡ ኣብ ኣኼባታቶም ተሳተፉን መንእሰያት ትጉስጉሱን ማለት'ዩ፡፡ በዚ ኣርዓዲ ክስታት ኣስታት 300 ዝኾኑ ሰባት ዓድታት እናኸርደንካ ብለይቶ ለይቲ ብጅምላ ከምዝእሰሩ ገይሮም፡፡

እዚ ጅምላዊ ማእሰርቲ ጸታ ዕድም ዘይፈለ ኮይኑ ህጻናት ካብ 9 ዓመት ክሳብ ተጠወርቲ ኣረጋውያን ዘጠቃለለ ንዓድታት ፎሊና፡ ቡሹካ፡ ሻምብቆ፡ ቢንቢና፡ቶሎግምጃ፡ ኣይማባን ኮተብይን ጥርሓን ዘትረፈ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ወፍሪ'ዚ ካብ ዓዲ ንዓዲ እናለሐመ ምስ ከደ ተወሳኺ ናይ ስለያ ሓይሊ ስለዝጠለበ ካልኦት

ኣካላት ስለያ ማለት ብኣሚኔ ዝምራሕ ስለያ /ፀረ ስለያ ዞባ ስርሒት 2/ ብተገደም ዝምራሕ ኣብ ቡሹካን ከባቢኡን ዝርከብ ስለያ ምክልኻል /ናይ ኮነሬል ሽፉ ሹም/ ብሚጀር በረኸት ወልደገብርኤል ዝምራሕ ስለያ ክ/ሰራዊት 25 ኢደይ ኢድካ ብምባል ዘየለ ምርብራብ ኣካይዶም፡፡

በዚ ድማ ኣባላት ብሔረ ኩናማ በብዝተታሓዘዎ መከራን ኣበሳን ርእዮም ብኸቢድ መርመራታት ኣብ ቤት ማእሰርቲታት

– ሻምብቆ /ብስለያ ምክልኻል /

– ባረንቱ /ስለያ ዞባ ስርሒት 2/

– ቡሹካ /ስለያ ዞባ ስርሒት 3/

– ማይ ድማ /ብስለያ ምክልኻል /

– ማይ ድማ /ብስለያ ክ/ሰራዊት 25/

– መንደፈራ /ስለያ ዞባ ስርሒት 3/ ተሳቅዮምን ነቲ ዘይገበረዎን ዘይፈልጥዎን "ጌርና!" ኢሎም ንኽኣምኑ ወሓዚ ናይ ሓኸልን ግዱድ ጸቕጥን ጥሜትን እናፈራረቁ ፈቲኖሞም ዝኾነ ይኹን ነገር ክርከቦም ኣይተኻኣለን ግፍዒ ህግደፉውያን ግና በዚ ኣየብቀዔን፡፡ ምኽንያቱ እቲ ዕላማ ካልእ ስለዝነበረ ምጥቃሱ ድማ ኣገዳሲ ይመስለኒ፡፡

እቲ ንመሰል ህዝብታት ብሔረ ኩናማ ዝቃለስ ውድብ ድ.ም.ሓ.ኩ.ኤ ዝበሃል ውዳብኡ ብምሕያል ናብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ስልኳታት ብምግባር ኣብ ልዕሊ መዓስከራት ሰራዊት መንግስቲ ሓድሓደ ስርሒታት ከካይድ ብምጅማሩ ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ብምውዕውዑን ምግናኑን ዘንቀሎ ኩራ መንግስቲ ንሰላማውያን /ገባር ሓረስቶት/ ግዳይ ገይሩ **"ሕንሕነ ቀራናት ንጓዕማማት"** ኮይኑ፡፡ ኣቀዲሙውን መንግስቲ ኣብ ልዕሊዚ ብሂር እዚ ዘይፍትሓውን ረሳሕ ኣረኣእያን እዩ ፀኒሕዎ፡፡ ነቲ ብሰውራ ኩናማ ዝካየድ ምንቅስቓስ ናይ ምዕጋትን ምቁጽጻርን መስርሕ ተራ መንግስትን ሰራዊትን ናይ ሰለያ ትካላቱን እዩ፡፡ እዚ ክገብሩ ዘይከኣሉ ሓለፍቲ ሕንሕነኦም ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ሰበይቲ ኣረጋውያንን ኣውሪዶም፡፡

ናይ መወዳእታ ዕላመኦም ድማ ከምዚ ዓይነት ብድዔ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብምውራድ ተቓወምቲ ከምዝርዕዱን ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ፀቕጢ ኮይንዎም ናይ ቃልሲ መንፈሶም ተዳኺሙ ከምዝበታተኑ ንምግባር ዝዓለመ እዩ ኔሩ፡፡

**ዝርዝር ዝስዓበ በደላት ድማ የቕርብ፡፡**

1. ካብ 9-13 ዝዕድምኦም ህፃናት 6 ወርሒ ተፈሪድዎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዞባ ስርሒት 3 "ተሃድሶ ሓልሓለ" ወዲኦም ወጺኦም ብዝሖም 10 ነይሮም፡፡

2. ካብ 13 — 18 ዝዕድሞኦም ካብ 1 ዓመት - 4 ዓመት ተፈሪድዎም ኣብ ድጋና ዓዲ ኳላ ይርከቡ፡፡ ብዝሖም 13 ይግመት፡

3. ኣስታት 250 ዝኾኑ ካብ 1 ዓመት - 20 ዓመት ዝተፈረዶም መንእሰያት ኣረጋውያን ኣዴታት ምስ ዕሸላት ደቀንን ጐራዙን ኣብ ድጋና ዓዲ ኳላ ይርከቡ፡፡

4. 12 ሰባት ንፕሮፖጋንዳዊ ጐስጓስ ተጠቒሞምሎም፡፡

5. 2 ሰባት ኣብ ምርመራ ከለው ሞይቶም፡፡

6. 26 ሰባት መሪዞም ቀትሎሞም፡፡

7. ብኣጠቓላሊ 28 ሰባት ብኣሰቃቒ ኩነታት ሂወቶም ንዘንትእለት ኣጥፊኦሞም፡፡

ካብዚ ዝጠቐስኩዎ ኣብ ቁጽሪ 4.5.6.7 ንዘሎ ዝርዝር መብርሂ ከምዚ ዝስዕብ ይሕበሉ፡፡ እዚ ዝጠቐስኩዎ ኣብ ውሽጢ 5 ኣዋርሕ /01/2007 — 05/2007/ ዝተኻየደ ኮይኑ ሓለፍቲ ዞባ ስርሒት 3 ሕድሪ ጭፍጨፉ ካልእ ተዋስኦ እዮም ሚሂዞም፡፡ ተዋስኦኦም ሓቅነት ለቢሱ ሰባት ንምድንጋር ተሓሲብሉ በዚ መሰረት ድማ ኣዛዚ ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ስታፍ ስለያ ሜጀር ተኽለብርሃን ሓጐስ (ወዲ ዓይነይ) ብቀጥታ ምስ ሓላፊ ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ዓላ ዓብዱ ርክባት ፈጢሮም፡፡ ኣብ መደባቶም ዘቲዮም፡፡

እቲ መደብ ካብ ዝሓዝዎም ሰባት (ኣባላት ኩናማ) ደሓን ዝኾነ ምልከት ናይ ትግርኛ ዘለዎም ሓርዮም ከዳሉው እሞ ነቲ ኣብ ሻምበቆ፡ ገዛኢራብ፡ ቢንቢና፡

*ስንስሓለ፡ ዓዲ ተኸለሃይማኖት በብግዚኡ ካብ 2001 ዓ/ም ጀሚሩ ዝተፈንጀረ ፀረ ተሽከርከርቲ ነታጊ /ፈንጂ/ ካብ ወያነ እናተቐበለ ገንዘብ እናተኸፈሎም ይቀብርዎ ምንባሮም ክዛረቡ ምግባር ዝብል እዩ፡፡ ብኡኡ ኣቢሉ ድማ እቲ ገባሪኡ ዘይፍለጥ ሓደጋታት ዘስዓበ ፈንጂታት ቀበርቱ ከምዝተረኽቡ ንህዝቢ ብሚድያ ክግለፀሉ፡ እሞ ክርዕም ኢሎም ተረዳዲኦምለ፡፡*

*ዓሊ ዓብዱ ብወገኑ ንፕሮፖጋንዳዊ ዘመተ ጕስጋስ ዝምልከት መደባት ሕፅረት ከምዘለዎም ገሊፁ፡ ነዚ ሓሳብ ብሓጐስ ድሕሪ ምቅባሉ ብስም ቀዳማይ ፀላኢና ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ራዕድን ሽበራን ንምውራድን ሰላም ንምዝራግን ኤርትራውያን ሃሱሳት ኸቲቡ ይንቀሳቀስ ከምዘሎ ጌርና ከነቅርቦ ኢና፡፡ ንስኹም ኩሉ ኣጽፍፍኩም ምስ ወዳእኩም ሓብሩኒ ኣነ ድማ ንፋዕ ጋዜጠኛን ስኣላይን ክምድብ እየ ብምባል ስምምዓቶም ዛዚሞም፡፡*

*ድሕሪ እዚ ሓላፊ ስታፍ ስለያ ስርሒት 3 ሜጀር ተኸለብርሃን ሓጐስ "ወድዓይነይ" ምስ ሓላፊ ፀረ ስለያ ክብሮም ስዩም ጻዕዳ ጉና ብምኻን ካብቶም ኣብ ትሕቲኦም "መንደፈራ" ዝነበሩ ቅዩዳት ትግርኛ ዝመልኩ 12 ሰባት ድሕሪ ምምራፆም ብሓለዋ ተሰንዮም ናብ ቡሹካ ከምዝወርዱ ገይሮም 02 ፈንጂ ካብ ሃንደሳ ዞባ ስርሒት 3 ብምምፃእ ምስኦም ወሪዱ፡፡ ድሕሪ ቡሹካ ምብፃሕ ኡሱራት ምእንቲ ክስድዑ ሕሩድ እናገበርካ ሪኦሞ ዘይፈልጡ ቅያር ምግብታት ቡን ትንባኾ፣ ሳሙና ዘየለ ክንክናት ተገብረሎም፡፡ ቀጺሉ ፈንጂ ኣብ ዝተተኮሰ ቦታታት እናወሰዱ ነቲ ቦታታት ከምዝላለይዎ "ከምዝጽንዕዎ" ተገይሩ፡፡ ብዛዕባ ኣጽዋውዳ ፈንጂ ኩሎም ወትህድርና ዘይጠዓመ እኳ እንተዘይነበሮም ናይ ሓደ መዓልቲ መዘኻኽሪ ኣስተምህሮ ብክብሮም ስዩም ተለጊስሎም ኣፍልጦኦምን ደረጃ ንቕሓቶምን መዝሚዞም ፀቕጢ ብምግባር የእሚኖሞም፡፡ "ነዚኣ ምስ ገበርኩም በዚኣ ጌርኩም ንገዛኹም ኢኹም እናበሉ" ይዛረብዎም ኔሮም፡፡*

*ቀዳማይ ዕማም ምስ ተሳለጠ ንዓሊ ዓብዱ ሓቢሮሞ፡፡ ዓሊ ዓብዱ ድማ ንፉዕ ዝበሎ ጋዜጠኛ ግርማይ ደበሳይ ሳኣላይ መሓመድ መራሒ መኪና ኣለም ዝበሃል "ኣውቲስታ መንግስታዊ ጋራዥ" ምስ ዘድሊ መሳርሒታቶም ናብ ቡሹካ ሰዲዱ፡፡ ስራሕ ተጀሚሩ እሱራት ወያነ ሊኢኾምና፣ ገንዘብ ሂቦምና፣ ፈንጂ ቀቢርና*

*ሓደጋታት ኣውሪድና ተጋጊና፡፡ መንግስቲ ኤርትራ ጽቡቕ ይገብረልና ነይሩ ገንዘብ ሂቡ ኣጣይስና ገዛውቲ ሰሪሕልና መጽዓኛ ኣግማል ሂቡና ኢሎም ክዛረቡ ከምዘለዎም ማዕዳ ተዋሂብዎም፡፡ ኣብዚ ጋዜጠኛ ግርማይ ደበሳይ ዝነበሮ ተራ ልዑል እዩ ነይሩ፡፡ እንታይስ ክገብር ካብ ዓሊ ዓብዱ ዝተዋህቦ መምርሒ እዩ ኣተግቢሩ፡፡*

***ኣብዚ ብኣካል ስለዝነበርኩ ተዋስኦኦም ናይ ብሓቂ እዩ ኣገሪምኒ እቶም መጋባርያ ዝገበርዎም እሱራት፡፡***

| ተ.ቁ | ስም | ዓዲ | ዝነበሮ ስራሕ |
|---|---|---|---|
| 1 | ኪሮስ በየነ ኣዱራ | ፎሊና | ኣባል ሰራዊት ክ/ሰራዊት 18 |
| 2 | ሓጐስ ሽዳይ በሮን | >> | ዝተጣየሰ ኣባል ሰራዊት ነበር |
| 3 | ቢቦ ፉፉ ቱንጋ | >> | >> >> |
| 4 | ዓንደብርሃን ገብረሚካኤል | ፅቡቕ ግራት | >> >> |
| 5 | ባድመ ጉፍለ ባራ | ፎሊና | ምልሻ ሓለዋ ከባቢ |
| 6 | ዓንዳይ ኣሮሮ ሳልሕ | ቡሹካ | መራሒ ጉጅለ ኣብ ህግደፍ |
| 7 | ዓብዱላሂ ማርዬ ኣንድሉ | >> | ሓረስታይ |
| 8 | ሰለሙን ሳህለ “ኛው” | >> | ሓለዋ ከባቢ ምልሻ |
| 9 | የማኑ መረማ ጐባይ | >> | ሓረስታይ |
| 10 | ሙናድል ሰዒዳይ ዓለንጋይ | >> | ኣባል ሰራዊት |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1<br>1 | ሻሊ ፍሩተ | ቶሎ<br>ግምጃ | ኣብ ሰራዊት ክ/ሰራዊት<br>16 |
| 1<br>2 | ገብረማርያም<br>ደስታ “ኣውሮ” | ፎሊና | ሓረስታይ |

እቲ ስራሕ ተዛዚሙ እሱራት ኣብ ማይ ድማ ንዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ጸረ ስለያ ክፍለ ሰራዊት 25 ተረኪቦም፡፡ መከረኦም ዝተወደኣ ዝመስሎም እሱራት ሓድሽን መደምደምታ ሂወቶም ዝኾነ መከራ እዩ ገጢምዎም፡፡ ሳልሰቲ ከይጸንሑ ኣብ ቀጽሪ ዝነበርዎ ቤት ማእሰርቲ ጉድጓድ ክኹዕቱ ተኣዚዞም፡፡ እቲ ዝኾዓትዎ ጉድጓድ ዓቢ ጋሐሲ እዩ ነይሩ፡፡ ነዚ ክኹዕቱ ኸለው ዝተዋህቦም ምኽንያት ሓንሳብ ንዓይኒ ምድሪ “ሽቃቕ” ሓንሳብ ንማይ ባስካ'ዩ ዝብል ነይሩ፡፡ እዞም 12 ሰባት እናኾዓቱ ኸለው ተወስኸቲ 14 ሰባት ንሞት ሓጽዮም ኣብ ድጋና ዓዲኳላ ኣቀሚጦሞም ዝነበሩ ስሒቦም ብምምጻእ ብጠቅላላ 26 ሰባት ኮይኖም ምኹዓት ቀጺሎም እቲ ዝተኳዓተ ግምቱ 4 ሜትሮ ጐንን ቁመትን 5 ሜትሮ ዕምቆት ይኸውን፡፡

ድሕሪ'ዚ ስታፍ ስለያ ዞባ ሰርሒት 3 ሜጀር ተኸለ ብርሃን “ወዲዓይነይ” ካብ መንደፈራ 2 ጀሪካንነ ዓይነቱ ዛጊት ዘይፈለጥኩዎ ነፍስ ወከፍ 20 ሊትሮ ዝሓዝ “መርዚ” “ስሚ” ናብ ማይ ድማ ብምውራድ ኣብ ትሕቲ ጸረ ስለያ ክ/ሰ 25 ብጥንቓቐ ከምዝቕመጥ ገይሩ፡፡ ብምቅጻል ጉድጓድ ተኳዒቱ ምስ ተወደኤ እቶም እሱራት ዝሕልው ዝነበሩ ኣባላት ጸረ ስለያ ክ/ሰ 25 ነፍስ ወከፎም ነናይ 10 መዓልቲ ዕረፍቲ ተዋሂብዎም ነንገዝኦም ከምዝኸዱ ተገይሩ “ሚስጢር ከየውጽኡ”፡፡ መተካእቶኦም ድማ ካብ ጸረ ስለያ ዞባ ስርሒት 3 መንደፈራ እሙናት ዝበሃሉ ቦታ ከም ዝሽፍኑን ከምዝዋሰኡን ገይሮም፡፡ እቶም ዝተሓረዩ “ካብ መንደፈራ ዝወረዱ”

## ንምቕታል ዝተሓርዩ እሙናት ሰባት፡-

1. ሰርጀ. ኪዳነ ተ/ሚካኤል “ወዲኸረን” መ/መስርዕ
2. ሰርጀ. ምሕረቱ መ/መስርዕ
3. ሰርጀ. ግርማይ ገ/ሂር “ኮማንዶ” መ/መስርዕ

4. ሰርጀ. ክፍላይ "ወድጋሽ" መ/መስርዕ

5. ሰርጀ ጸጋብ መዓሾ "ጨዓሎ" መ/መስርዕ

6. ሰርጀ ጸጋይ ኣብርሃም መርማሪ ነይሮም፡፡

ቀጺሊ እቶም እሱራት ኣብታ ዝኾዓትዎ ጋሕሲ ብሓባርን ኣብ ሓደ ዕለትን በቲ ዝመጸ መርዚ ተስሚሞም ከምዝሞቱ ገይሮም፡፡ ግብኣተ መሬቶም ኣብቋዑ፡፡ እቲ ግዜ ዕለቱ ከንጹር ዘይዘከርክዎ ኣብ ወርሒ 04/2007 እዩ ነይሩ፡፡ እቶም ካብ ዓዲ ኳላ ኣምጺኦም ምስቶም 12 ሰባት ካብ ዝቀተልዎም 14 ሰባት ኣስማቶም ዝዝክሮ ናይ 6 ሰብ የቅርብ፡፡

| ተ.ቁ | ስም | ዓዲ | ዝነበሮ ስራሕ |
|---|---|---|---|
| 1 | ተስፋይ ሽሊ | ቡሹካ | ሓረስታይ "ቀሺ ካቶሊካዊ እምነት" |
| 2 | ሙሳ ከበደ | ቡሹካ | ሓርስታይ |
| 3 | መመ ኻራ | ቡኹካ | ምልሻ ሓለዋ ከባቢ |
| 4 | ገብረማርያም ዱዱ | ፎሊና | ሓረስታይ |
| 5 | ዓዋተ ናዳ ባዴን | ኣይማባ | ምልሻ ሓለዋ ከባቢ |
| 6 | ድለ ዓብደላ | ኣይማባ | ሓረስታይ |

እቶም ኣብ እዋን መርመራ ዝተቀተሉ 2 ሰባት

1. ጋላ ታብ ፋኪ፡-ኣመሓዳሪ ፎሊና ዝነበረ ኣብ መርመራ ክፍለ ስራዊት 25 ሄልኮፕተር ተኣሲሩ ለይትን ቀትርን ኣብ ጎልጎል ተደርብዩ ድሕሪ ምቅናዩ ብእሱሩ እንከሎ ሂወቱ ሓሊፋ፡፡

2. ዓሊ ሙሳ ገሹ፡- ኣባል ሰራዊት ዝነበረ "ተጋዳላይ" ዝቀበርካዮ ፈንጂ ስለዘሎ ኣርእየና ኢሎም ናይ በረኻ ብምውጻእ ስታፍ ስለያ ዞ/ሰ/3 ተኸለብርሃ ሓጎስ ስታፍ ስለያ ክ/ሰራዊት 25 ሜጀር በረኸት "ከውሒ" ብሸጉጥ ቀጥቂጦም ዝቀተልዎ' ዩ፡፡

## *ንምቅታሎም ዝምልከት ዘለኒ ጭቡጥ መርትዖ*

- *ስታፍ ስለያ ዞ/ስ/3 ካብ መንደፈራ ንማይድማ ስሚ ከውርድ ከሎ ምስኡ ነይረ፡፡ እቲ ኣብ ጀሪካን ዝንበረ ስሚ ምኽኑ ዛጊት ስሙ ክረቑሖ ዘይደሊ ኣባል ስለያ ዞባ ስርሒት 3 ኣብ መንደፈራ ዝነብር የዕሊልኒ፡፡*

- *ድሕሪ ምቅታሎም ኣብ እዋን ምርመራ ዝሃብዎ "ቃል ሓተታ" ተወሳኺ ናይ ኤርትራ መንነት ወረቀት፡ ናይ ዞባ ጋሽ ባርኻ ካርድ ነባርነቶም፡…ወዘተ ካብ ኣርካይቭና ኣውጺእና ኩሉ ክንህብ ብኣዛዚ ዞባ ስርሒት 3 ሜጀር ጀነራል ዑመር ጠዊል ተኣዚዝና ሂብና፡፡ ናበይ ከምዘበልዎ ኣፍለጥን "ንምዕቃብ ሚስጢር ኣርሒቆም" ናይ"ዞም ተቐተሉ ሰባት ኩሉ ዶኩሜንቶም ክእከብ ብደረጃ ጀነራል ዝተኣዘዝናሉ ምኽንያት ኣሰሮም (ደብዘኦም) ንምጥፋእ ዝዓለመ እዩ፡፡*

- *ድሕሪ ምቅታሎም ዓሊ ዓብዱ ንዳግማይ ስራሕ ክረኽቦም ከምዝደለ ሓቲቱ፡ ክርከቡ ከምዝይክኣሉ ሓለፈ ጸረ ስለያ ክብሮም ስዩም መሊሱሉ ኣብቲ ብሞባይል ዝገበርዎ ዝርርብ ምስኡ ነይረ፡፡ እቲ ናይ ምቅታል ስጉምቲ ድማ ቅልጡፍ ብምንባሩ ጣዕስኡ ኣንጸባሪቑ፡፡*

- *ኩሉ ግዜ ወርሓዊ 3ተ ወረሓዊ 6ተ ወርሓዊ ዓመታዊ ጸብጻብ ስራሕ ብዓለይ የቅርቦ ስለዝነበርኩ 28 ሰባት ከቢድ ስጉምቲ ከምዝተወሰደሎም ኣቅሪበ፡፡ እቲ ጸብዳብ ንኣዛዚ ዞባ ስርሒት 3 ን፡ ንሚኒስትሪ ምክልኻልን እዩ ዝቀርብ፡፡*

- *ሓደ ኣባል ጸረ ስለያ ካብቶም ኣብ ምቅታል ዝተሳተፉ ብኻልእ ስራሕ ናብ ማይ ድማ ምስ ከድና ነታ ጉድጓድ ብርእሱ እናመልከተ ትፈልጣ 'ዶ ኢሉኒ እወ ምስ በልኩዎ ሕማቕ ስምዒቱ ብምንቅናቅ ርእሱ ገሊጾለይ፡፡*

- *ዝተቀትሉሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ ማይ ድማ ዝርከብ መዓስከር ክ/ሰራዊት 25 "ቁጽሪ ቤት ማእሰርቲ ጸረ ስለያ ክ/ሰ 25" ኮይኑ እታ ቦታ ኣብ ከባቢ ጐቦ በራቂት መንገዲ ዑባል እያ ትርከብ፡፡*

## *ኩነታት ዝተቀትሉ*

➢ ተስፋይ ሽሊ፣ ገብረማርያም ዱዱ ተጋደልቲ ህግሓኤ ኮይኖም 1985 ኣብ ባረንቱ ብደርግ ተማሪኾም ኣብ ኣለም በቃኝ "ኣዲስ አበባ" ንዓመታት ድሕሪ ምእሳሮም ናጽነት ምስ መጸ ምስ ምሩኻት ሾናትን ናይ ፖለቲካ እሱራትን ንሃገሮም ዝኣተው እዮም፡፡

➢ ኪሮስ በየነን ባድመ ጉፍለ በዲኦም የሕዋት እዮም፡፡

➢ ዓደብርሃን ገ/ሚካኤል ብሔረ ትግርኛ ኮይኑ በመበቆል ዓዱ ጽቡቕ ግራት ንኡስ ዞባ ሞልቂ 'ዩ፡፡ ሓለው መሬት "ዘረዓይ" ተቆጺሩ ኣብ ፎሊና ይሰርሕ ነይሩ ኩናማ ባ/ቤት'ውን ነይራቶ፡፡

➢ ሓጐስ ሻዳ በሮን ኣብ ስውራ ኩናማ ተጋዳላይ ወዲ ኣቡ ሓጎስ ዝባሃል ስለዘለዎ ጠንቂ ሞት ኮይኑ ስድራ ቤቱ' ውን ኣብ ዓዲ ኳላ ኣለው፡፡

➢ ሻሊ ፍሩት ሓው ተጋዳላይ ቢቢ ፍሩት ዝባሃል ስለዘለዎ ጠንቂ ሞት ኮይኑ፣

➢ ዓንዳይ ኣሮሮ ብኣደ ሓው ማና ማኡ ዝባሃል ተጋዳላይ ስለዘለዎ ጠንቂ ሞት ኮይኑ፣

➢ ጋላ ታብ ፋኪ ወዲ ተጋዳላይ ዳንጋ ጋላ ዝባሃል ስለዘለዎ ጠንቂ ሞት ኮይኑ

## ተኣሲሮም ካብ ዝሓደግክዎም

➢ ነባሪ ቶሎ ግምጃ ኬና ቶነኪ ወዲ ተጋዳላይ ኩባ ኬና ዝባሃል ስለዘለዎ ጥራይ 15 ዓመት ተፈሪዱ፡፡ ዓዲ ኺላ ኣሎ፡፡

➢ ነባሪ ቶሎ ግምጃ ከሊ ሳቦት ወዲ ተጋዳላይ ደርጊ ከሊ ዝባሃል ስለዘለዎ 8 ዓመት ተፈሪዱ፡፡

➢ ነባሪት ብሹካ ቶኮ ኣቦዳር ሰብኣ ሰባብ ባሻይ ዘባሃል ተጋዳላይ ስለዝኾነ 10 ዓመት ተፈሪዳ ምስ ሕዛል ቆልዓ፡፡

➢ ነባሪት ብሹካ ዓሻ ዓብደት ካብ ወለንኪኤል ሊሊ ዝባሃል ተጋዳላይ ሓደ ቆልዓ ወለዳ ስለዝነበረት 1 ዓመት ተፈሪዳ ወዲኣ ወጺኣ ትኸውን፡፡

- መሓሪ "ወዲ መንቱር" ዝተባሃለ ብሔረ ትግርኛ ኣብ ብሹካ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬትን ጥሑናን ዝውንን ካብ ገነት ማርዮ ትበሃል ብሔረ ኩናማ ብምውላዱ ምስ ኩናማ ትደናገጽ ኢኻ ተባሂሉ 3 ወርሒ ኣሰቃቂ ናይ መርመራ ኩነታት ኣጋጢሞዎ ብኸቢድ መጠንቀቕታ ተለቂቑ፡፡

እቲ ዝርዝራት ብዙሕ'ዩ እቲ ካብ ዝኸረይ ዘይሃሰሰ ሚዛን ሂቤ ኣቕሪቤዮ ኣለኹ፡፡ ብዛዕባ'ቲ ንጎስጋስ ዘዳለውዎ 12 ውጽዓት ሰባት ዘሳተፍሉ ኣብ ቴሌቪዥን ኤርትራ ክልተ መዓልቲ በቲ ዋላ ሓንቲ ዘይፈልጥ ኣዋዲዶም ዝሃብዎ መዳሪ ጋዜጠኛ ገብረመስቀል ገረዝጊሄር እናተነባበ ተፈንዮ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ዘቕርብዎ መደብ ካብቶም 12 ሰባት ናይ 4 ሰባት ቃል እምነትን ሽርሕን ዝበልዎ ኣቕሪቦም ዝተረፈ ድማ ኣስዒቦም ይኸኑ፡፡ እቶም ዘቕረብውም ሰባት ዓንዳይ ኣሮሮ፣ የማኑ መረማ ፣ ዓብዱላሂ ማርዮ፣ ሰለሙን ሳህለ ነይሮም፡፡

ብዛዕባ እቲ ዝተኻየደ ኣሰቃቂ ቕትለት ብዙሓት ጭፍጨፋ ግፍዕን ማእሰርትን ንጹሃትን ተሓተቲ ዝኾኑ ኣካላት ብቀንዱ መንግስቲ ኤርትራ "ህ.ግ.ድ.ፍ" ኮይኑ ነዚ ውዲታት ብቀረባ ዘዳለውን ናይ መፈጸምታ ዘብጽሕዋን ኣሳሰይቲ መንግስቲ ሓላፍነት ዝስከሙ ሰባት፡፡

1. ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 3 ሜጀር ጀነራል ዑመር ሓሰን ጠዊል

2. ስታፍ ስለያ ዞባ ስርሒት 3 ሜጀር ተክለብርሃነ ሓጎስ "ወዲዓይነይ"

3. ሓላፊ ጸረ ስለያ ዞባ ስርሒት 3 ካፕተን ክብሮም ስዩም ጻዕዳ "ጉና"

4. ስታፍ ስለያ ክፍለ ስራዊት 25 ሜጀር በረኸት ወ/ገብርኤል "ከውሒ" ምኻኖም ብጥቡቕ ክገልጽ ይደሊ ግዜ ዘይገብሮን ዘይገልጾን ሓቂ ስለዘየለ፡

ኣብ መወዳእታ ጽሑፋይ ሓንቲ እናሓደረት ትሕደስኒ ናይ ዕላል ኣጋጣሚ ወስ ኣቢሌ ክዓጽ፡፡ እቲ ግዜ ኣብ መጀመርያ 2002 ዓ.ም እዩ፣ ኣነ ምስ ኣዛዚ ክ/ሰ 16 ኮሎኔል ሃብተጼን ጽገ "ሓኔታይ" ኣብቲ ግዜቲ ዝነበረ ናይ ካርታን ሓበሬታን ኣገልገሎት ንኸህቦ ምስኡ ኣብ ዝባን ዑና ትበሃል ዓዲ ከባቢ መንደፈራ እየ ነይረ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ኮሎኔል ኣብ መንደፈራ "ሓድሽ ዓዲ ነበር" ዝተዋህቦ መሬት ቪላ

*ገዛ ንምስራሕ እንተበዚ እንተበቲ ይንቀሳቀስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሓደ ኣባል ሰራዊት ፈታዊየይ ከንጸርጸር ኣጋጠምኒ ምኽንያት ምስ ሓተትኩዎ ኮሎኔል ንዝሰርሖ ዘሎ ገዛ ምስ ገለ ኣባላት ሰራዊት ኮይኑ ገረብቀላሚጦስ ንኽቆርጽ “ናይ ገባር ከዘምት” ከምዝተኣዘዘ የዕሊልኒ፡፡ ክንፈላለ ኸለና ድማ ከምዚ ኢሉኒ፡፡* ***“ስሚዕካ ኣለኻ ቅድም ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ሓላፍትና ዝነበሩ ኤርትራ ናጽነታ ምስ ረኸበት ኣይኮነን ኤርትራዊ ሰብ ኤርትራዊ ገረብ ‘ውን ጸባ ክሰቲ ‘ዩ ኢሎም ይጉስጉሱና ነይሮም ሕጂ ድማ እነሀለካ ኤርትራዊ ሰብን ገረብን ኣይኮነን ጸባ ክሰቲ ብሓባር ይቑረጽ ኣሎ!”*** *ኢሉኒ፡፡*

*ኣብታ እዋን ‘ቲኣ ኣመና ‘የ ሲሒቀ እንተሎሚ ሎሚ ግና ርዝነት ናይታ ዕላልን ግዜ ዘግሃዶ ባህርይቶምን እናሓደረ ይሕደስንን የሰደምመንን ኣሎ፡፡*